# መሪሕነት ኤ.ዲ.ኪ መልሲ እንተዝህብሉ

ካስል ንብዙሕ ዓመታት መነሃሪ ቃልሲ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ብፍላይ፡ መነሃሪ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ብሓፈሻ፡ ኣብ ጀርመን ጥራሕ ዘይኮነ ናይ ሙሉእ ዓለም ከም ዝነበረት ከም'ቲ ነጸረ ገብረመድህን ዝበሎ ኣብ እግሪ ዝተኸሉ ሎሚ ዓበይቲ ኮይኖም ዘለዉ ህጻናት ዝነበሩ ከየተረፉ ዝምስክርዎ እዩ።

ታሪኽ መዓስከር ካስል ኣብ ጀርመን ኣብ ኤርትራዊ ተቃዋሚ ሓይሊ ዘይበርስ ዝኽርታት ዘለዋ'ያ። መዓስከር ካስል ኣብ'ቲ ዝካየድ ዓመታዊ ፌስቲቫል ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ በቲ ደኪመ ከይበለ ለይትን መዓልትን ዝሰርሕ ዲሞክራሲያዊ ማሕበር መንእሰይ ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ ጠጠው ቢሉ ክኸይድ ጸኒሑ እዩ።

እዚ ማሕበር መንእሰይ ንኽንደይ መሓዙት ውድብ፡ውልቀ ሰባትን፡ ዕዱማት ኣጋይሽን ብዘያፍላላይን ብዘይ ለኢላን ጉሌላን ተቐቢሉ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ድማ ፍሉይ ዝኽሪ እንዳገበረ ኣሕሊፍዋ እዩ።

መዓስከር ካስል መሳ ሃለን ብሓቂ ገዛ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ምንባሩ ዝኸሓድ ኣይኮነን። ሎሚ ግን ድሕሪ እቲ ኣብ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝተራእየ ምፍንጫላት ካስል ኣብ ትሕቲ ተ.ሓ.ኤ ሃ.ጉ ቀጺለት።

ካስል ኣብ'ዚ ብድሕሪ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ እንታይ ዝመስል ኩነታት ሓሊፉን ትሕልፍ ኣላ። ኩሉ እቲ ብስማ ብስም ፌስቲቫል ካስል ዝጸሓፍ ክምስክር ይኽእል እዩ።ኣብኡ ኣትየ ብዙሕ ክትንትን ወይ ክጽሕፍ ኣይደልን።
በዛ ሕጂ ናይ መወዳእታ ጉዳይ ግን ነቲ ኩሉ ስለ ትጥቅልሎ፡ ጉዳይ ኣበዓዕላ ኣወዳድባ ፌስቲቫል ቅሩብ ርእይቶይ ክህብ ደስ ምበለኒ። እቲ ርእይቶ ድማ ንኤ.ዲ.ኪ ዝምልከት'ዩ ክኸውን።

ቅድም ቀዳድም ተራእዩ ዘይፈልጥ ቅድሚ ኣስታት 7 ወርሒ ኣቢሉ ፌስቲቫል ካስል 2005 ካብ ወርሒ ጥሪ 2005 ኣትሒዙ ኣብ መርበብ ሓበሬታ **Adal61** ንህዝቢ ተዘርጊሑ። ብወገነይ እዚ ሓበሬታ ናይ ዓሚ ድዩ ኣብ'ዚ ተረሲዑስ ወይ እንታይ'ዩ ጉዱ ቢለ ሓሲበ። ሓቲተ'ውን።

ተ.ሓ.ኤ ሃገራዊ ጉባኤ ንጉዳይ ፌስቲቫል 2005 ካብ ወርሒ ጥሪ ለካቲት ኣትሒዞም ሓበሬታ ክዝርግሑ ምጅማሮም ብዙሕ ታህዋኽ ከም ዝነበረ ትዕዝብቲ ኣሕዲረ።እዚ ሓበሬታ ድማ ከምኡ ቢሉ ቀጸለ ክሳብ ሎሚ ድማ ኣሎ።

ይኹን'ምበር ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ከም'ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ (ጥብቆ ርአ) ፌስቲቫል ካስል ንኤ.ዲ.ኪ ከም ዝተመሓላለፈ ዝብል ሃንደበታዊ ሓበሬታ ተዘርጊሑ። እዚ እንታይ ማለት እዩ ?



እዚ ናይ ፌስቲቫል ሓበሬታ ኣብ ዝተዘርግሓሉ ኤ.ዲ.ኪ ክቀውም ምኽኑን መሪሕነት ኣብ ምምራጽ ከም ዝነበረ ፍሉጥ እንዳሃለወ ት.ሓ.ኤ ሃ.ገ ስለምንታይ ኣብ'ቲ እዋን ንዝኾነ ሓሳብ ከቅርቡ ዘይከኣሉ ወይ ድማ ነቲ ዘውጽእዎ ሓበሬታ ከጽንሕዎ ዘይፈተኑ።

ካልእ እዚ ጉዳይ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ብዝኾነ ካልእ ስዒቡ ዝመጸ ሓበሬታን መግለጽን ሽማግለታት ኣጋሊጽዎ ኣሎ። ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ 1 ን 2 ጥብቆታት ንበበ።

1
[ኣገዳሲ መግለጺ ሽማግለ ዞባ]

2
መጎስ
ን"ኣገዳሲ ሓበሬታ" ንሽማግለ
ዲሞክራሲያዊ ማሕበር መንእሰያት
ኤርትራ/ተሓኤ ሃገራዊ ጉባኤ

እዚ ኩሉ ሕልኽልኻትን ዘይተደልየ ኣብ ሓድሕድ ቁርቁሳትን ቀየቒን ዘብጽሕ እንታይ ኣምጽኦ። እቲ ዘሎ ቃልሲ ንሓይልናን ሕልናን ንድሕሪ ዝስሕብን ጆኻሊ እንከሎ ከምይ ተወሳኺ ሽግራት ንፈጥር። ተ.ሓ.ኤ ሃ.ገ ንምንታይ ናብ'ዚ ጉዳይ ከምርሑን ናይ'ዚ ጽሑፋት ተሓባበርቲ ክኾኑ መሪጾም። ብሽም ኪዳን ወጺኡ ስለ ዘሎ ድማ መሪሕነት ኪዳን ክሓትት ይፈቐደለይ።

መሪሕነት ኪዳን

2005 ዓ.ም ኤርትራውያን ቃልሶም ኣውሃሂዶም ንቅድሚት ክስጉሙ ሓደ ብ16 ውድባት ዝተጠርነፈ መስርሕ ሓባርዊ ቃልሲ ጀሚሮም ኣለዉ። እዚ ኪዳን ተባሂሉ ተሰምዩ ዘሎ ገና ኣብ ስራሕ ክዋቐፈር ዝቀራረብ ዘሎ ምስ ዘሎ ኩሉ ጉድለታት ዓብይ ተመክሮ ዘለዎ እዩ።

ኣብ'ዚ ቅድሚ ሕጂ ንዝተፈጸሙ ጌጋት ክእረሙ ኤ.ዲ.ኪ ዕድልን ግዜ ክዋሃቦ ተደላይነት ኣለዎ። ኪዳን ምስ ሙሉእ ቁጠባዊ ትሕዝቶን ቅርጻን ንስለ ዘየተበገሰ፡ ነዚ ትሕዝቶ ንምውህላልን ቅርጺ ሙሉእ ቅርጺ ንምስራዕ ግዜ ዕድልን ክዋሃቦ፡ ኣብ ውሽጢ እዚ ግዜ ድማ ክጋሃዱ ዝኽእሉ ጌጋታት እንዳላሓምካን ብዓቕልን ጽሮትን ክሕለፍ ዘለዎ እዩ።

እዚ ድማ ሓላፍነት ነፍሲ ወከፍ ውድብ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ውድብ ነዚ ሓላፍነት ተሰኪሙ ክጓዓዝ እንተዘይክኢሉ ሽግር ክፈጥረልና ይኽእል ይኸውን።

ብዝኾነ ሎሚ ናይ ሎሚ ዓመት ፌስቲቫል ካስል ተ.ሓ.ኤ ሃ.ገ ብሽም ኤ.ዲ.ኪ ተባሂሉ በዚ መሰረት መሪሕነት ኪዳን ነዚ ጉዳይ መልሲ ክህበሉን፡ ንህዝቢ መብርሂ ከቅርብ ይግባእ። እቲ ኩሉ ብድሕሪኡ ክመጽእ ዝኽእል ጥረጣረታትን ሕሜታን ቀይቆ'ን ድማ ይተርፍ።

ምስ'ዚ ተተሓሒዙ ዝኸይድ ኤ.ዲ.ኪ ሓድሽ ዝምስረት ዘሎ ፍልይ ዝበለ ኣወዳድባ ደኣ ይሃልዎ'ምበር ብሕጋዊ ሸንኻቱ ነቲ ብስሙ ዝካየድ ዘየተደለየ ሓበሬታን፡ ኣብ ባላት ውድባት ሕቶ ክለዕል ዝኽእል ጉዳያት እዋናዊ መልሲ ክህበሉ ግድነት እዩ።

ነፍሲ ወከፍ ውድብ ኣብ ጉባኤታቱ ብዝመረጾም መሪሕነታት ብዝተወከለ ዝቆመ ኪዳን፡ ብገገለ ውድባ ብሽም ኪዳን ዝግበር ገኢጋታትን ወይ ላግጺ ጠጠው ከብልን ክእርምን ግቡእ እዩ።

ጉዳይ ፌቲቫል ካስል ዞባዊ ጉዳይ ወይ ኣብ ጀርመን ጥራሕ ዝሕጸር ሓደ ባህላዊ ምሸት'ዩ ጉዳይ ጀርመን ጥራሕ ተባሂሉ ፍሉይ ፍታሕ ዘድልዮ ኣይኮነን። እዚ ጉዳይ ዓመታዊ ፊስቲቫል ንመላእ ኣባላት ኪዳን ዝምልከት ዓብይ ፖለቲካዊ ተልእኾ ዘለዎ'ውን እዩ። በዚ መሰረት ድማ ኣብ መንጎ ሽማግለ ኪዳን ብደረጃ ጀርመን ተባሂሉ ብቀሊሉ ክሕለፍ ዘይብሉ ጉዳይ እዩ በሃላይ እየ።

ነቲ ቀንዲ ነዚ ሕቶ ከልዕል ዘገድድ እውን ገገለ ባላት ኤ.ለኢ.ኪ ነዚ ኣብ ካስል ዝግበር ጉዳይ ኣብ ምውሳኑ ከምዘየነብሩን ከምዘይተነግሩን ወይ ከኣ ከም ዘየደገፉን ብጽሑፍ መሰረት ኣቕሪቦም ኣለዉ።

ደጊም ነዚ ጉዳይ ብግሉጽ ንምርኣዩ ዝምልከቶ ኣካላት ኤ.ዲ.ኪ ሓሳቦም ክሕውስሉን፡ እቲ ንመሪሕነት ኪዳን ብዛዕባ'ዚ ፌስቲቫል ዝተዋህበ ሓበሬታ እንታይ ከም ዝመስልን ብሰፊሑ መግለጺ ክዋሃቦ ኣለዎ።

ብፍላይ ድማ ኣብ'ቲ ብዕለት 6 ሰነ 2005 ዝተኻየደ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ተ.ሓ.ኤ ሃ.ጉ ከም'ዚ ዝስዕብ መግለጺ ኣውጺኡ።

ውድብና ንነዊሕ ዓመታት ክልለየሉ ዝጸንሐ ሰፊሕ በዓል ኤርትራ፡ ናብ መናሃርያ ዝሰፍሐ ተቓውሞ ንምቕያር መሰረታት ውድብ ከካይዱዎ ዝጸንሑ ድርኺት ኣብ ግምት ብምእታው፡ መበል 20 ዓመት ሰፊሕ በዓል ኤርትራ ኣብ ካስል ብሓልዮት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንኽካየድ ምውሳኑ ፈጻሚ ሽማግለ ሓጐሱ ገሊጹ። እዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ንህዝብናን ተቓወምቲ ሓይልታቱን ዓቢ ብስራት፣ ንስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ.ን መጋበርያታቱን ድማ ዓቢ ፖለቲካዊ መጽፋዕቲ ምዃኑ መዚኑ። ስለ ዝኾነ ድማ፡ ኵሎም መሰረታት ኣባላት ውድባት ኤ.ዲ.ኪ.ን ሓፋሽ ህዝብናን ነዚ ክቡር ታሪኻዊ ተረኽቦ'ዚ ንምዕዋት ብሓባር ክጸምዱ ኣማሕጺኑ።

ደምዳሚ ኣዋጅ ከም ዝሕብሮ እቲ ሓሳብ ካብ መሰረታት ተ.ሓ.ኤ ሃ.ጉ ዝነቐለ'ምበር ካብ መሰረታት ኣባላት ውድባት ኤ.ዲ.ኪ ዝነቀለ ኣይኮነን። ስለ'ዚ ንሓሳብትን ድሌትን መሰረታት ተ.ሓ.ኤ.ሃ.ጉ ብደረጃ ስሩዕ ኣኼባ ውድቦ ክጸድቕ'ውን ጌጋታት የብሉን ግን ብስም ኩሉ ክወጽእን ቅድሚ እቲ ሓሳብ ንኤ.ዲ.ኪ ቀሪቡ ሓሳብ ወይ ብመንገዲ ኤ.ዲ.ኪ ዝወጽእ ካልእ መልክዕ ክሕዝ ግቡእ ኣይነበሮን። በዚ ድማ እቲ ቅርጺ ኤ.ዲ.ኪ ኣብ ጨንፈራት ንስለ ዘይጸንሐ ተባሂሉ ፍቱሕ ኣካይዳ ምምራጽ ኣይግድን'ዩ ዘብል። እዚ'ውን ንዝምልከቶም ኣካላት ኪዳን ክቀርብ ዝግበኦ ሕቶ እዩ።

ቀንድን ኣገዳስን ጉዳያት ዝኾነ ድማ መሪሕነት ኤ.ዲ.ኪ ንበይኑ ዝቆመ ኣይኮነን፡ ኣብ ዝተፈላልየ ሃገራት መሰረታት'ውን ስለ ዘለዎ ነዞም መሰረታት ኣብ ሓባራዊ ስርሓቶም ንቕሓትን ተኻኣእሎ ማለት ምጽውዋር ከስንቆም ግድነት ስለ ዝኾነ ነቲ ብደረጃ ዝተፈላልየ ሃገራት ዝተፈጸመ ጌጋታት'ውን ክእርም ክጽዕር ኣለዎ።

ኣብነት ንምጥቃስ፡ ተመሳሳሊ ጉዳያት ኣብ ጽምብል በዓል ነጻነት 2005 ኣብ ጀርመን ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ዝተፈላልየ ሃገራት ጌጋታት ተራእዩ። በዚ ምኽንያት እቲ ጉዳይ ከይሳዕረረ ወይ ድማ ኣብ ካልእ መንገዲ ከይተኣለየ ብደረጃ ኤ.ዲ.ኪ ኣብ ንኡስ ዞባታት ንዝግበር ስርሓት ምስ ዝምልከቶ ኣካላት ርክብ ተደላይነት ኣለዎ።

ስለ'ዚ ህዝቢ መታን ክቀስንን ክረግእን፡ ዝምልከቶም ኣካላት ኤ.ዲ.ኪ ነዚ ጉዳይ መልሲ ክህብሉ ይሕተቱ። ብድሕሪ'ዚ ድማ ኩሉ ስርሓትና ንድሕሪ ሕጂ ብኸመይ ንምድቦ ከም መምርሕን ከም ትምህርቲ ይኾነና።

የቖንየለይ

**26 ሰነ 2005**
**ኣንቶንዮ ተስፋይ**